

















እግዚኣብሐር ኩሉ ክፈጥሮ እንክሎ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 1-2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119:130

ጸሓፊ Edward Hughes
ገላጺ Byron Unger; Lazarus

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፡
ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ
ኣወሃሃዲ Bob Davies; Tammy S.

ዛንታታት ካብ 1 ክሳብ 60

M1914.org

ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡

እግዚኣብሄር ጌጋ ከም ዝገበርና ይፍልጥ እዩ፡ ንዕኡ ድማ ሓጢኣት ይብሎ። ዓስቢ ሓጢኣት ከኣ ሞት እዩ።

እግዚኣብሄር ኣዚዩ ስለዘፍቅረና ንወዱ ሰዲዱልና፡ ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳና ከፊሉልና እዩ። ኢየሱስ ብኣካል ናብዛ ምድሪ ወሪዱ ኔሩ ሕጂ ግና ናብ ሰማይ ተመሊሱ ኣሎ። በዚይ ድማ እግዚኣብሄር ሓጢኣትና ሓደገልና።

ካብ ሓጢኣትካ ክትወጽእዶ ትደሊ እኻ፧ ንእግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ ኦ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ከምዝሞተለይን ካብ ሞት ከምዝተንሰኤን ይኣምን እየ። ኦ ጎይታ ናብ ሂወተይ ንዓ፡ ንሓጢኣተይ ድማ ይቕረ በለለይ፡ ምእንቲ ሓድሽ ሂወት ክህልወኒ፡ ምስካ ድማ ንዘልኣለም ምእንቲ ክነብር። ከም ወድኻ ኮይነ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን። ዮሃንስ 3:16

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ ንእግዚኣብሄር ከኣ መዓልታዊ ኣዛርቦ ብጸሎት።

ትግርኛ Tigrigna







ቅድሚ ንኣዳም እግዚኣብሄር ምፍጣሩ ጽብቅቲ ዓለም ብዘደንቅ ፍጥረታት ዝመለኣት ኣዳለወሉ፡ ደረጃ ብደረጃ እግዚኣብሄር ኣክራናት ጎቦታት ከበሳታትን ጎላጉልን ብዘደንቁ ኣግራብን ዕምባባታትን ዝተሸፈነ ኣዝየን ብዝተፈላለየ ክንቲትን መንፈርፈርን ብዘጌጻን ዝተዓደላ ኣዕዋፍ ሚም ዝብሉ ጽቡቃት ፍጥረት ነፈርቲ ንህብታት ወለወለል ዝብሉ እንስሳታት ባሕሪ ዘንጸባሩቁ ህያባት ባሕርን ኣዳለወ።
3
እቲ ዘገርም ከኣ እግዚኣብሄር ነዚ ኩሉ ጽቡቅ ኣብኡ ከሎ “ይኩን እንዳበለዩ ፈጢርዎ”።
4
እግዚኣብሄር ብመጀመርታ ቅድሚ ኩሉ ምፍጣሩ ዋላ ሓደ ኣይነበረን እግዚኣብሄር ጥራዩ በይኑ ኔሩ። ሰብ ኣይነበረን ቦታ ዝበሃልውን ኣይነበረን ዋላ ሓደ ኣይነበረን፡ ብርሃን ኣይነበረን ጸልማትውን ኣይነበረን። ላዕሊ ታሕቲ ዝበሃል ኣይነበረን፡ ሎሚ ጽባሕ ዝበሃልውን ኣይነበረን፡ እግዚኣብሄር ጥራይ በይኑ። መጀመርታ ዘይብሉ ኔሩ፡ ዳሕራዩ እግዚኣብሔር እዚ ኣቀዲምና ዝጠቀስናዮ ክገብር ዝጀመረ፡
5
ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ።
6
ምድሪ ድማ በረካን ጥራያ ነበረት ጸልማት ከኣ ኣብ ልዕሊ መዓሙቑ ነበረ። ኣምላኽ ከኣ ‘ብርሃን ይኩን’ በለ፡
7
ብርሃን ድማ ኮነ፡ኣምላኽ ነቲ ብርሃን መዓልቲ ኣውጽኣሉ ፡ነቲ ጸልማት ከኣ ለይቲ ኣውጽኣሉ ምሸት ኮነ ብጊሓትውን ኮነ ሓንቲ መዓልቲ፡
8
ኣብ ኻልኣይቲ መዓልቲ ነቲ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ዘሎ ማያት ማለት ባሕርታት ውቅያኖሳት ቀላያት ድማ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ጠፈር ፈለዮ፡ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ኣምላክ ድማ እቲ ንቑጽ ምእንቲ ኪርኤስ እቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ማያት ናብ ሓንቲ ቦታ ይተኣከብ በለ፡ከምኡ ድማ ኮነ፡ኣምላኽ ከኣ ነቲ ንቑጽ ምድሪ ኣውጽኣሉ ነቲ እኩብ ማያት ድማ ባሕሪ ኣውጽኣሉ፡
9
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ከምዚ ኢሉ ኣዘዘ። እታ ምድሪ ሳዕርን ዘርኢ ዝህቡ ብቖልን ፡ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ። ፍረ ከከም ዓይነቱ ኣብ ምድሪ ዝፈሪ ኦም። ተውጽእ።
10
በለ፡ ከምኡ ድማ ኾነ፡ ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ። ምሸት ኰነ ብጊሓት ኰነ ሳልሳይ መዓልቲ።
11
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ንምብራህ ጸሓይ ወርሒን ብዙሓት ከዋክብትን ንምቑጻርም ዘይከኣል ኣብ ጠፈር ሰማይ ብርሃን ይኹን በለ። ከምኡ ድማ ኰነ ምሸት ኰነ ብጊሓት ‘ውን ኰነ ራብዓይቲ መዓልቲ።
12
ቀጺለን ኣብ መዝገብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ተታሒዘን ዝነበራ ፍጥረታት ባሕሪን ዓሳታትን የዕዋፍን ነበራ። ኣብ ሓሙሽይቲ መዓልቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዓበይን ንኣሽቱን ፍጥረታት ባሕሪ ፈጠረ፡ ከምኡውን ነዊሕ እግርን ገዚፍ ኣካላት ዘለወን ከም ሰገን ደርሆ ማይ ከምኡውን ንምርኣየን ባህ ዘብላ ደቀቅቲ ውቁባት ዝነፍራ የዕዋፍ ፈጠረ።
13
በዚ ከኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንባሕሪ ዝመልኡ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ፍጥረታት ዓሳን ንምድሪ ዝመልኣን ንምርኣየን ደስ ዘብላ ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድርን ባሕርን ኣብ ኣየር ዝነፍራን ፈጠረ። ምሸት ኰነ ብጊሓት ኰነ ሓሙሻይቲ መዓልቲ።
14
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ምድሪ ህያው ነፍሲ ዘለዎ በብዓይነቱ እንስሳን ከም መጥበውቲ ለመምታ ሓሳኩ ምድሪ ማያውያን ኣራዊት ምድርን በብዓይነቶም ተወጽእ በለ። ከምኡ ድማ ኰነ። ኣብ ምድሪ ብዕብየት ኣፈጣጥርኦም ዘገርሙ ከም ሓራምዝ ብመጠን ግዝፊ ዝናኣሱ ቬቨር ዝኣመሰሉን ፈጠረ፡ ከምኡውን ካብ ሓደ ዓቢ ገረብ ናብ ካልእ ዓቢ ገረብ ብዘደንቅ ዝላ ዝዘሉ ኣህባይ ዋዓግ ችምባዜ ብኣንጻሩ ድማ ኣብ ምድሪ ለመም (ገፊፍ) ኢሎም ዝከዱ ከም ጒብየ።
15
ሕስይ ሕስይ ዝብሉ ዓበይቲ ፍጥረታት ፈለክለክ እንዳበሉ መብራህቲ ብጸልማት ዘብርሁ። ኣብ ምድሪ ምስ ፈሰሱ ንሳዕርን ኣቁጽልትን ከም ዘይነበረ ዝገብሩ ዝተፈላለዩ ፍጥረት ፈጠረ። ኣዝዮም ዛዕጋፋት (ጨኻራት) ነዊሕ ዝክሳደን ዘራፍ ካብ ምድሪ ብርኽ ዝበለ ዘእጋረን፡ ከምኡውን ዝተፈላለየ ሃደንቲ ሓጸርትን ነዋሕትን ዓሌት ደማሙ፡ ነብሪ ብምሉኦም እግዚኣብሄር ኣምላኽ ፈጠሮም። ምሸት ኰነ ብጊሓት ሻዱሻይቲ መዓልቲ።
16
ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ካልእ ኣዝዩ ዘደንቅ ፍጥረት ፈጠረ። ካብ ኵሎም ከኣ ኣዝዩ ፍሉይ፡ ንሱ ድማ ወዲ ሰብ፡ እዩ። ኣብ ምድሪ ዘራእቲ ንመግቢ ዝኾንዎ እንስሳታት ድማ ንዕኡ ዘገልግልዎ ኣቐዲሞም ተዳሊየምሉ እዮም።
17
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ‘ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር በለ’ ። ንብዘላ ምድሪ ኵሉ ድማ ይግዛእ በለ። በዚ ድማ ‘ብኣምሳል እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰብ ተፈጠረ’ ።
18